# <u>ኣገደስቲ ዕለታት ኣብ ታሪኽን ማሕበራውን ህይወት ኤርትራ</u>
# <u>ክሳዕ ሰነ 2003</u>

<u>*መእተዊ*</u>

እዚ 'ኣገደስቲ ዕለታት ኣብ ታሪኽን ማሕበራውን ህይወት ኤርትራ' ተሰምዩ ዘሎ ዝርዝር ዕለታ
ትን ፍጻሜታትን ከም መወከሲ ኼገልግል ይቀርብ ኣሎ። እዚ ዝርዝር እዚ ንእዋኑ ካብ 1841
ክሳዕ ሰነ 2003 ዚሕብር ጽሑፍ እዩ፣ በብእዋኑ ከኣ እናተወሰኸን እናማዕበለን ኪቀርብ መደብ
ኣሎ።

እቲ ዝርዝር ኣብቲ ታሪኽን ማሕበራውን ገስጋስ ህይወት ኤርትራ እናተኮረ፣ ንህይወት ኤርትራ ኣ
ሕጺሩ ዘቕርብ ታሪክ ስለ ዝኾነ፣ ካብቲ ዝሓለፈ ፍጻሜታት ነቲ ተበጺሑ ዘሎገስጋስ ንምግንዛብ
ዚሕግዝ ጭቡጥ እዩ። ሓንቲ ኣብ ምዕባለ ገጻ እትግስግስ ሃገር ከኣ፣ ሕሉፍን ህልዉን ፍፃሜታት
ህይወታ ምስ እትፈልጥ፣ ነቲ ዝመጽእ ህይወታ ንምህናጽ ሓጋዚ ኢዩ። በዚ ጽሑፍ ዚጥቀም ኣ
ንባቢ ኺኣ፣ ተመሃራይ ይኹን ተመራማሪ፣ ጸሓፋይ፣ ካብቲ ዝርዝር ነቲ ሓቀኛ ፖለቲካውን ማሕበ
ራውን ህይወት ኤርትራ ዚገልጽ ርጉጽ ሓበሬታ ኪረክብ ከም ዚኽእል እምነትና ኢዩ።

እዚ ጽሑፍ እዚ፣ ከም ሰንሰለት ተኣሳሲሩ ናይ ብዙሕ ዓመታት ፍጻሜታት በቲ ልክዕ ዕለቱ ኽ
ዉን ሓበሬታቱን ከም ዚዳሎ ንምግባር፣ ዓቕሚ ብዘፍቅዶ፣ ብጥንቃቐ እኳ ተዳልዩ እንተሎ፣ ከ
መሓየሽን ኪውሰኽን ከም ዘድሊ ከኣ ርዱእ እዩ። ስለዚ ኹላትኩም ተገደስቲ ኣብ ምምዕባል እ
ዚ ጽሑፍ ርእይቶኹምን ተወሳኺ ሓሳባትኩምን ክትልግሱ ንምሕጸን።
ኣብ ዝኾነ ይኹን ናይ ምርምር ጽሑፍ፣ ናይ ብዙሓት ኣእምሮን እጃምን ጠቓሚ ጥራይ ዘይኮነስ
ወሳኒ ኪኸውን ከም ዚኽእል ዘየጠራጥር ስለ ዚኾነ፣ ኪእረም ኪውሰኽ ኪዝከር ወይ ኪስረዝ ዚግብ
ኦ ነገራት ምስ እተስተብህሉ፣ ኣበርክቶኹም ኣዝዩ ኣድላዩ እዩ።

ስለዚ እዚ ጽሑፍ እዚ ነቲ ዝድለ ዘሎ ዕላማ ኪጭምት ተስፋ ንገብር።

ዓወት ንሕፋሽ!

ማእከል ምርምርን ሰነዳን

## ዝርዝር ኣሕጽሮተ-ቃላት

| | |
|---|---|
| ሃ.ማ.ሓ.ኤ. | -ሃገራዊ ማሕበር ሓረስቶት ኤርትራ |
| ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. | -ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ |
| ሃ.ማ.ደ.ኤ. | -ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ |
| ህ.ሓ. | -ህዝባዊ ሓይልታት |
| ህ.ሓ.ሓ.ኤ. | -ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ |
| ህ.ግ. | -ህዝባዊ ግንባር |
| ህ.ግ.ሓ.ኤ. | -ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ |
| ተ.ሓ.ኤ. | -ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ |
| ተ.ሓ.ኤ.ማ.መ. | -ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ማእከላይ መሪሕነት |
| ግ.መ.ኤ. | -ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ |
| ኢ.ህ.ኣ.ደ.ግ. | -ኢትዮጵያ ህዝባዊ ኣብዮታዊ ደሞክራስያዊ ግንባር |
| ኤ.ና.ስ.ኣ. | -ኤርትራውያን ንናጽነት ኣብ ሰሜን ኣመሪካ |

# ጥሪ

| | |
|---|---|
| 1/1890 | -ምእዋጅ መግዛእቲ ጣልያን ኣብ ኤርትራ። |
| 1/1979 | -ምምስራት ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራን ምጅማር ፈነወ ብቋንቋታት ትግርኛን ዓረብን። |
| 1/1980 | -ምርሻን 40 ሲቪል ኤርትራውያን ናይ ፖለቲካ እሱራት ኣብ ቤት ማእሰርቲ ሰምበል። |
| 7/1977 | -ምሕራር ከተማ ቃሩራ ብህዝባዊ ሰራዊት (ናይ መጀመርያ ሓራ ዝኾነት ከተማ)። |
| 9/1893 | -ምእዋጅ መሬት ዶሚናለ ኣብ ኤርትራ ብመግዛእቲ ጣልያን። |
| 9/1947 | -ምስግጋር 'ማሕበር ፍቕሪ ሃገር' ናብ 'ማሕበር ኣንድነት' «ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ሓንቲ ኢትዮጵያ» ብዝብል ጭርሖ። |
| 12/1979 | -ምጅማር ሳልሳይ ወራር ደርግ ኣብ ኤርትራ(12-14 ለካቲት) ። |
| 13/1895 | -ኲናት ኮዓቲት ኣብ መንጎ ሰራዊት ጣልያንን ራእሲ መንገሻን። |
| 14/1986 | -2ይ ስርሒት ኮማንዶ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ፥ 40 ነፈርቲ ይቃጸላ። |
| 15/1984 | -2ይ ሓርነት ከተማ ተሰነይ ብህ.ግ.። |
| 15/2002 | -ምርካብ ናይ እቲ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ቅድሚ 2500 ዓመታት ዝነበረ ታሪኻዊ በዓትን ቅርስታትን ኣብ ከባቢ ኣስመራ፡፡ |
| 20/1994 | -ምምራቕ ፍሬድ ሆሎውስ ላቦራቶሪ መንጽር ውሽጢ ዓይኒ። |
| 23/1977 | -1ይ ውድባዊ ጉባኤ ህ.ሓ.ሓ.ኤ.። |
| 24/1978 | -ምሕራር ከተማታት ደንጎሎን ጊንዳዕን ። |
| 25/1885 | -ምትሓዝ በይሉል ብኢጣልያውያን ። |
| 28/1912 | -ምልኣኽ ቀዳመይቲ ብኤርትራውያን ዝቖመት ቦጦሎኒ ናብ ትሪቡሊ (1,112 ኣባላት ዝሓዘት)። |
| 31/1994 | -ኣዋጅ መንግስቲ ብዛዕባ ደበስ ስድራቤታት ስውኣት። |

# ለካቲት

| | |
|---|---|
| 1/1941 | -ምትሓዝ ኣቑርደት ብብርጣንያ። |
| 1/1975 | -ምጅማር ሰፊሕ ውግእ ኣብ ከባቢ ኣስመራ። |
| 1/1975 | -150 ንጹሃት ኤርትራውያን ዝሞትሉ ህልቒት ወኪዱባ። |
| 2/1941 | -ምትሓዝ ባረንቱ ብብርጣንያ። |
| 4/1952 | -ምምስራት ቀዳማይ ሃገር ለኸ ማሕበር ሰራሓተኛታት ኤርትራ። |
| 4/1977 | -1ይ ምዱብ ኣኼባ ማእከላይ ሽማግለ ህ.ግ.። |
| 5/1885 | -ምትሓዝ ምጽዋዕ ብኢጣልያውያን። |
| 6/1979 | -ምጅማር ረድዮ ፕሮግራም ብቋንቋ ኣምሓርኛ ኣብ ድምጺ ሓፋሽ። |
| 6/1889 | -በረምበራስ ካፍል ጎፋር ንከረን ድሕሪ ምቁጽጻሩ፥ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ እቲ ቀዳማይ ተሓባባራይ ናይ መንግስቲ ጣልያን ይከውን። |
| 8/1950 | -ምእታው ናይ ሕቡራት መንግስታት መርማሪ ኮሚሽን ንኤርትራ። |
| 9/1951 | -ምምዛዝ ኣንዞ ማቴንዞ፥ ናይ ሕቡራት ሃገራት ኮሚሳርያት ኣብ ኤርትራ። |
| 10/1990 | -ሓርነት ባጽዕ (ስርሒት ፈንቅል) ብህ.ግ.። |
| 10/1994 | -3ይ ጉባኤ ህ.ግ. ኣብ ናቕፋ(10-16)። |
| 11/1967 | -300 ንጹሃት ኤርትራውያን ዝሞትሉ ህልቂት ዓዲኢብሪሂምን ከባቢኣን። |
| 12/1972 | -ኣኼባ በይሩት ርክብ ሰለስተ ወገናት ህ.ሓ. ምስ ኣማና-ዓማ። |
| 13/1975 | -ምውጻእ 250 ናይ ፖለቲካ እሱራትን ካልኦትን ካብ ቤት ማእሰርቲ ዓዲ-ኋላ ከምኡ'ውን ልዕሊ 700 ካብ ቤት ማእሰርቲ ሰንበል ብተ.ሓ.ኤ። |
| 15/1982 | -6ይ ወራር/ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ (15-22 ሰነ)። |
| 16/1841 | -ምኽፋት ቆንስል ፈረንሳ ኣብ ባጽዕ። |

16/1979 -ምጅማር ረዲዮ ፕሮግራም ብቋንቋ ዓፋር ኣብ ድምጺ ሓፋሽ።
17/1928 -መንገዲ ባቡር ካብ ከረን ክሳብ ኣቑርደት ይበጽሕ።
17/1973 -ኵናት ሕድሕድ ገረግር ሱዳን።
18/1928 -ምምራቕ ሕርሻ ጡጥ ተሰነይ።
18/1947 -ምምስራት ሊበራላዊ ገስጋሲ ሰልፊ ናጽነት።
«ኤርትራ ንኤርትራውያን»።
19/1937 -ምቑሳል ጀነራል ግራሲያኒን ካልኦትን ብኣብርሃም ደቦጭን መኅስ
ኣስጎዶምን ዝተባህሉ ኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ ኣዲስኣበባ።
21/1950 -ደማዊ ዕግርግር ኣብ መንጎ ደገፍቲ መንእሰያት ሰልፊ ኣንድነትን ሰልፊ ሽባን
ኣልራቢጣ ኣብ ኣስመራ (21-26)።
23/1999 -ምጅማር 2ይ ወራር መንግስቲ ኢትዮጵያ (ወያኔ) ኣብ ልዕሊ
ኤርትራ።
24/1972 -ምእዋጅ ኵናት ሕድሕድ ሰውራዊ ባይቶ
(ኣል-መጅልስ ኣል ሰውሪ)።
24/1996 -ምፍታሕ ሽግር ጦርዓን ጽንዓደግለን ብመንነኝነት ህዝባዊ ግንባርን
ብምርድዳእ ክልቲኡ ወገናትን።
25/1935 -ምቛም ሚኒቺፕዮኣዊ ምምሕዳር ኣብ ኣስመራ።
25/1941 -ምትሓዝ ከረን ብብርጣንያ ።
26/1973 -ስምምዕ ዓጊግ፡ ኣብ መንጎ ተ.ሓ.ኤ.ን ህ.ሓ.ን።
27/1972 -ምጅማር ኵናት ሕድሕድን ምድምሳስ ሓይልታት ዑበልን
ብተ.ሓ.ኤ. ።
28/1971 -ምምስራት ማሕበር ኤ.ና.ሰ.ኣ. ኣብ ኒውዮርክ።

# መጋቢት

1/1943 -ምእዋጅ ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ ኣብ ኤርትራ።
2/1896 -ኵናት ዓድዋ ኣብ መንጎ ጥልያንን ኢትዮጵያንን።
3/1994 -ምቛም ኮሚሽን ቅዋም ኣብ ኤርትራ።
9/1975 -ጸላም ሰንበት፡ ቅትለት 272 ሰባት ኣብ ኣቑርደት።
10/1958 -ሓፈሻዊ ኣድማ ሰራሕተኛታትን ተማሃሮን ኣብ መብዛሕተአን
ከተማታት ኤርትራ።(10-13)
12/1979 -1ይ ጉባኤ ሃ.ማ.ሓ.ኤ. (12-17)።
12/1987 -ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ ህዝባዊ ግንባርን ተጋድሎ ሓርነት
ኤርትራ ማእከላይ መሪሕነት።
15/1964 -ኵናት ተጎርባ፡ (ሰራዊት ተ.ሓ.ኤ. ንመጀመርታ ግዜ ኣንጻር ስሩዕ
ወራሪ ሰራዊት ኢትዮጵያ ይዋጋእ)።
17/1988 -ምድምሳስ ናደው እዝን ምሕራር ኣፍዓበትን።
18/1937 -ምምራቕ መስመር ተለፈሪካ ባጽዕ-ኣስመራ።
20/1981 -ስምምዕ ቱኒዝ፡ ኣብ መንጎ ሓይልታት ሰውራ ኤርትራ ብዓዳምነት ማሕበር
ሃገራት ዓረብ።
23/1976 -ምፍላይ ልኡኽ ወጻኢ ጉዳይ ካብ ህ.ሓ. (ጉጅለ ሳበ)።
23/1977 -ሓርነት ከተማ ናቕፋ።
25/1907 -1ይ ወፍሪ ዓሳክር ኤርትራውያን ናብ ሶማልያ።
26/1952 -ምድላው ቕዋም ፌደረሽን ኤርትራ ብድጋፍ ናይ ሕቡራት መንግስታት
ኮምሽነር።
28/2003 -ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ባድመ ኣካል ልኡላዊ መሬት ኤርትራ
ምዃና ንዓለም ደጊሙ የፍልጥ።
29/1983 -7ይ/ሰላሕታ ወራር (29-15 ነሓሰ)።
29/1991 -ምልቃቕ 3 ሶቭየታውያን ምሩኻት ኵናት ብህ.ግ.።
30/1979 -4ይ ወራር(30-11ሚያዝያ)።
31/1949 -ምስግጋር ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ ኤርትራ፡ ናብ ሲቪላዊ
ምምሕዳር።

# ሚያዝያ

| | |
|---|---|
| 1/1941 | -ምትሓዝ ኣስመራ ብብርጣንያ። |
| 1/1983 | -ምጅማር ዕዉት ወፈራ ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ። |
| 1/1988 | -ምፍራስ ግንባር ሓልሓል። |
| 3/1990 | -ደብዳብ ነፈርቲ ኣብ ኣፍዓበት 16 ሰባት ይቕተሉ፡ 24 ይቖስሉ። |
| 4/1990 | -ናይ መጀመርያ ደብዳብ ነፈርቲ ኣብ ባጽዕ፡ 35 ይመቱ፡ 100 ይቖስሉ፡ 11 ደብዳባት ከኣ ይካየድ። |
| 4/1991 | -ሓርነት በይሉልን በርዓሰሎን። |
| 6/1977 | -1ይ ሓርነት ኣፍዓበት። |
| 6/1992 | -ኣዋጅ ግ.መ.ኤ ብዛዕባ ዜግነት። |
| 7/1992 | -ምቛም ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ። |
| 8/1941 | -ምትሓዝ ምጽዋዕ ብብርጣንያ። |
| 13/2002 | -ምሃብ ናይ መጨረሽታን ቀያዲን ውሳኔ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ሄግ። |
| 15/1891 | -ዶብ ኤርትራን ሱዳንን ንምሕንጻጽ 1ይ ስምምዕ ኣብ ሮማ፡ ኣብ መንጎ ኢጣልያን ብሪጣንያን። |
| 17/1975 | -1ይ ቕትለት 235 ዜጋታት ኣብ ሕርጊጎ። |
| 19 2002 | -1ይ ሃገራዊ ምርኢት መጻሕፍቲ ኤርትራ፡ ድሕሪ ናጽነት፡ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ኣስመራ (19-24)። |
| 20/1885 | -ምትሓዝ ኢራፋለ ብኢጣልያ። |
| 21/1885 | -ምትሓዝ ሕርጊጎን ኣምፈላን ብኢጣልያ። |
| 21/1977 | -ኣኼባ ዛግር፡ ኣብ መንጎ ተ.ሓ.ኤ.ን ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን (21-22)። |
| 22/1990 | -2ይ ደብዳብ ነፈርቲ ኣፍዓበት። |
| 23/1993 | -ምድማጽ ረፈረንደም ኤርትራ።(23-25) |
| 27/1984 | -1ይ ናይ ታንክ ብታንክ ውግእ ኣብ ጸጋማይ ክንፊ ግንባር ናቕፋ፡ 6 ታንክ ይሕምሽሻ፡ 7 ተሃሪመን ይጉተታ። |
| 27/1993 | -ሓበሬታ ውጽኢት ረፈረንደም ኤርትራ ኣብ ሆቴል ሰላም 99.805% «እወ» ንነጻነት። |
| 30/1990 | -ምጥሓል ኻሌብ ዝተባህለት መርከብ ኢትዮጵያ ብሓይሊ ባሕሪ ህ.ግ.ሓ.ኤ.። |

# ግንቦት

| | |
|---|---|
| 2/1889 | -ምትሓዝ ከረን ብኢጣልያ ከምኡውን ምእሳር በላምባራስ ካፍል ጎፋር። |
| 2/1992 | -ምውሳን ቅርጽን ኣሰራርሓን ግ.መ.ኤ ብማእከላይ ሽማግለ። |
| 5/1941 | -ምቛም 'ማሕበር ፍቕሪ ሃገር' ኤርትራውያን ኣብ ኣስመራ። |
| 5/1977 | -1ይ ሓርነት ተሰነይ ብተ.ሓ.ኤ.። |
| 6/1975 | -2ይ ሃገራዊ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ.። |
| 6/1998 | -ቕትለት 6 መኮንናት ሰራዊት ምክልኻል መንግስቲ ኤርትራ፡ ብሰራዊት ኢትዮጵያ (ወያኔ)። |
| 8/1998 | -□□□□ □□□ □□□ □□□□ □□ □□□□□ □□□□□ |
| 9/1936 | -ሙሶሊኒ ንኤርትራን ኢትዮጵያን ሶማልያን ዘጠቓለለ ግዝኣት ይእውጅ። |
| 9/1949 | -ውጥን ቤቪን-ስፎርዛ ኣብ 3ይ ጠቅላላ መጋባእያ ሕቡራት ሃገራት ይቐርብ። |
| 9/2002 | -ምእዋጅ ሰፊሕ ልምዓታዊ መደብ 'ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ'። |
| 12/1988 | -ቕትለት 400 ሰላማውያን ተቐማጦ ሸዕብ ብደርግ። |
| 12/2000 | -ምእዋጅ 3ይ ወራር መንግስቲ ኢትዮጵያ(ወያኔ) ኣብ ልዕሊ ኤርትራ። |
| 13/1994 | -ኣዋጅ 1ይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት። |
| 13/1998 | -ምእዋጅ ኩናት ቤት ምኽሪ ሚኒስተራት ፈደራላዊ ደሞክራሲያዊ |

| | |
|---|---|
| | መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ። |
| 15/1902 | -ኣብ መንጎ ኢጣልያን ኢትዮጵያን ብሪጣንያን ዶባት ንምሕንጻጽ ኣብ ኣውራጃ ሰቲት ስምምዕ ይግበር። |
| 15/1914 | -ባንክ ኢጣልያ ኣብ ምጽዋዕ ይኸፈት። |
| 15/1995 | -ዕረፍቲ ሓርበኛ ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም። |
| 16/1908 | -ምፍራም ውዕል ዶብ ከባቢ ደንከል ኣብ መንጎ መንግስታት ኢጣልያን ኢትዮጵያን። |
| 17/1866 | -ምምሕልላፍ ምጽዋዕን ከባቢኣን ካብ ኢድ ቱርኪ ናብ ግብጺ። |
| 19/1978 | -3ይ ኣኼባ ናይ ሓባር ላዕለዋይ ፖለቲካዊ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ.ን ህ.ግ.ን። |
| 19/1991 | -ምፍራስ ግንባር ደቀምሓረ 19-21። |
| 19/1995 | -ውሳኔ ሓድሽ ምክፍፋል ዞባዊ ምምሕዳር ኤርትራ። |
| 20/1984 | -1ይ ስርሒት ኮማንዶ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ (33 ነፈርቲ ይቃጸላ)። |
| 20/1993 | -ኣዋጅ ውሳኔ ኣቃውማን ስልጣንን ዕማማት መንግስቲ ኤርትራ። |
| 21/1976 | -ምሕምሻሽ ወራር ወዶዘማች (ራዛ ፕሮጀክት) ኣብ ከባቢ ዛላምበሳ። |
| 22/1976 | -2ይ ኣኼባ ህ.ሓ. ሰሜናዊ ባሕሪ። |
| 23/1997 | -ምጽዳቕ ቦኽሪ ቅዋም ናጻ ኤርትራ። |
| 24/1991 | -ሓርነት ኣስመራ ብህዝባዊ ሰራዊት / መዓልቲ ሓርነት ኤርትራ። |
| 24/1992 | -ኣዋጅ ውሳኔ ንኣቃውማን ስልጣንን ዕማማትን ግ.መ.ኤ። |
| 24 1993 | -ምእዋጅ ወግዓዊ ናጽነት ኤርትራን ምስቃል ባንዴራ ኤርትራን። |
| 27 1991 | -ኣኼባ ለንደን፡ ኣብ መንጎ ደርግ፣ ህ.ግ.ሓ.ኤ.፣ ግንባር ሓርነት ኦሮሞ ከምኡ'ውን ኢ.ህ.ኣ.ደ.ግ። |
| 28/1962 | -መስዋእቲ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ። |
| 28/1993 | -ኣባልነት ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት። |
| 31/1977 | -ኣኼባ ሃዋሻይት፡ ኣብ መንጎ ህ.ግ.ን ተ.ሓ.ኤ.ን። |
| 31/1988 | -ኮማንዶን ሓይሊ ባሕሪን ህ.ግ.፡ ፈጣናት ጀላቡ ብምጥቃም፡ ኣብ መጻብቦ ምጽዋዕ፡ ክልተ ናብ ግንባር ኲናት ዘሰጋግራ መራኽብ ኲናት ኢትዮጵያ የበላሸዉ። |

# ሰነ

| | |
|---|---|
| 5/1993 | -ኣባልነት ኤርትራ ኣብ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ። |
| 5/1998 | -[illegible] |
| 7/1993 | -ምቝም መንግስታዊ ቤት ምኽሪ ኤርትራ። |
| 8/1885 | -ምትሓዝ ደሴታት ዳህላክ ብኢጣልያ። |
| 11/1983 | -ምስጋም ተ.ሓ.ኤ.ማ.መ (ሳግም) ካብ ኮሮርኮንን ታህዳይን (ሱዳን) ናብ ሜዳ ኤርትራ። |
| 11/1998 | -ምጅማር 1ይ ወራር ሰራዊት ኢትዮጵያ (ወያኔ) ኣብ ልዕሊ ኤርትራ። |
| 15/1988 | -ስምምዕ ዕርቂ ኣብ መንጎ ህዝብታት ናራን ኩናማን። |
| 16/1968 | -ኣኼባ ዓራዳይብ፡ ናይ ሳልሰይትን ራብዓይትን ሓሙሻይትን ክፍልታት። |
| 17/1998 | -ምእታው ናይ መጀመርታ ዝተሰጉ ኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያ ናብ ኤርትራ። |
| 18 /1969 | -ስርሒት ካራ[illegible] |
| 18/2000 | -ምፍራም ስነድ ምቝራጽ ተጻብኦታትን ምፍንታት ሰራዊት ኤርትራን ኢትዮጵያን። |
| 19/1890 | -ምቝም ሰፈራ ቤት-ጽሕፈት ኢጣልያ። |
| 20/1982 | - [illegible] 6[illegible] [illegible] |
| 20/1991 | -መዓልቲ ስዉኣት ኤርትራ። (ምእዋጅ) |
| 21/2003 | -ወግዓዊ ምንጋር ኣስማት ስዉኣት ጀጋኑ ኤርትራ(21-22)። |
| 24/1885 | -ምትሓዝ ሰሓቲት ብኢጣልያ። |
| 24/1970 | -ምቝም ቀዳማይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኣብ ሶድሓ-ዒላ። |

| | |
|---|---|
| 26/1949 | -ምምስራት ቐጽሪ(ሰልፊ) ነጻነት ኤርትራ። |

## ሓምለ

| | |
|---|---|
| 1/1922 | -መንገዲ ባቡር ከረን ይበጽሕ። |
| 2/1874 | -ምትሓዝ ከረን ብግብጻውያን። |
| 2/1974 | -ህልቂት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኦምሓጀር ብሰራዊት ደርግ። |
| 5/1882 | -ምእዋጅ 'ግዝኣት ዓሰብ' ብባይቶ ኢጣልያ። |
| 5/1997 | -ምትሓዝ ዓዲ ምሩግ ብሰራዊት ኢትዮጵያ (ወያኔ)። |
| 6/1977 | -1ይ ሓርነት ደቀምሓረ። |
| 6/1985 | -1ይ ሓርነት ባረንቱ። |
| 7/1980 | -ምንስሓብ ሰራዊት ተ.ሓ.ኤ. ካብ ግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ከምኡዉን ምውላዕ ኲናት ሓድሕድ። |
| 10/1952 | -ምጽዳቕ ቅዋም ፌደረሽን ኤርትራ። |
| 11/1967 | -ህልቂት ዓይለትን ገምሆትን። |
| 13/1979 | -5ይ ወራር (13-26)። |
| 15/1977 | -ምውጻእ 800 ናይ ፖለቲካ እሱራት ካብ ቤት ማእሰርቲ ሰንበል ብህ.ግ.። |
| 26/1967 | -□□□□ □□□□ □□ □□□ □□□ 05/08/1967 |

## ነሓሰ

| | |
|---|---|
| 2/1889 | -ምትሓዝ ኣስመራ ብኢጣልያ። |
| 4/1984 | -ምጅማር ፌስቲቫል ኤርትራ ኣብ ቦሎኛ። |
| 10/1969 | -ጉባኤ ኣዶብሓ (10-25)። |
| 12/1971 | -ኣኼባ ተኸሊ ናይ ካልኣይ ወገን ህ.ሓ.ሓ.ኤ ይጅምር። |
| 18/1979 | -ምጅማር ፕሮግራም ትግረ ኣብ ድምጺ ሓፋሽ። |
| 24/1977 | -1ይ ሓርነት ከተማ መንደፈራ ብተ.ሓ.ኤ.። |
| 28/1946 | -ቕትለት 46 ኤርትራውያን ብወታሃደራት እንግሊዝ። |
| 31/1942 | -ምምስራት 'ሰሙናዊ ጋዜጣ' ኤርትራ። |
| 31/1977 | -1ይ ሓርነት ከተማ ኣቑርደት ብተ.ሓ.ኤ.። |

## መስከረም

| | |
|---|---|
| 1/1961 | -ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኣዳል። |
| 1/1979 | -ምጅማር ናይ ሓባር ፈነወ ረድዮ ተ.ሓ.ኤ.ን ህ.ግ.ን ኣብ ድምጺ ሓፋሽ። |
| 1/1987 | -ዕረፍቲ ሓርበኛ ሽኽ ኢብራሂም ሱልጣን። |
| 2/1975 | -ስምምዕ ካርቱም፡ ኣብ መንጎ ተ.ሓ.ኤ.ን ልኡኽ ወጻኢ ጉዳይ ህ.ሓ.ሓ.ኤ.ን። |
| 10/1879 | -ምእሳር ራእሲ ወልደንኪኤል ሰለሙን ብራእሲ ኣሉላ። |
| 11/1952 | -ምጅማር ፌደረሽን ኤርትራን ኢትዮጵያን። |
| 19/1968 | -ምቛም ስሙር ሓይሊ 3ይ፣ 4ይ፣ 5ይ ክፍልታት ኣብ ጉባኤ ዓንሰባ። |
| 19/1989 | -1ይ ዳህሳሲ ርክባት ኣብ መንጎ መንግስቲ ደርግን ህ.ግ.ን ብኣቀራራቢነት መንግስቲ ኣመሪካ ኣብ ኣትላንታ። |
| 25/1974 | -ኣድማ ደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ቤት ዕዮ ጡጥ ኣስመራ/ባራቶሎ (ሰሙን ደቂኣንስትዮ) 25-6ጥቅምቲ። |

# ጥቅምቲ

| | |
|---|---|
| 1/1974 | -30,000 ህዝቢ ኣስመራን ከባቢኣን ናብ ወኪዛግር ተኣኪቡ፣ ኮናት ሓድሕድ ደው ክብል ይጽውዕ። |
| 2/1984 | -ደብዳብ ነፈርቲ ኣብ ሞልቂ 42 ይቐትል፣ 94 የቑስል። |
| 7/1885 | -ከንቲባ ሓምድን ካልኦት ሹመኛታት ሓባብን ናብ ምጽዋዕ ብምውራድ፣ ንሓባብ ናብ ዑቕባ ኢጣልያ ዘእተወ ሰነድ ይፍርሙ። |
| 10/1985 | -ሻሙናይ ወራር/ወፍሪ ባሕሪ ነጋሽ (10-10ታሕሳስ)። |
| 11/1979 | -ምጅማር ረድዮ ድምጺ ወያነ ብትግርኛ ኣብ ድምጺ ሓፋሽ ። |
| 14/1971 | -1ይ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ኣር ይካየድ (14-12 ሕዳር)። |
| 16/1987 | -ምጅማር ረድዮ ፕሮግራም ብቋንቋ ኩናማ ኣብ ድምጺ ሓፋሽ። |
| 19/1985 | - ምቕታል 39 ቺጋታት ደቂ ናራ |
| 20/1977 | -ስምምዕ ካርቱም፣ ኣብ መንጎ ተ.ሓ.ኤ.ን ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን። |
| 24/1990 | -ደብደብ ነፈቲ ኢትዮጵያ መበል 11 |

# ሕዳር

| | |
|---|---|
| 2/1958 | -ምምስራት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ማሕበር ሸውዓተ)። |
| 6/1991 | -ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት። |
| 8/1997 | -ምጅማር ባጤራ ናቕፋ። |
| 12/1947 | -ምእታው ኮሚሽን ኣርባዕተ ሓያላት ሃገራት ናብ ኤርትራ። |
| 12/1975 | -1ይ ኣኼባ ሰሚናዊ ባሕሪ። |
| 14/1962 | -ወግዓዊ ምፍራስ ፌደረሽን ኤርትራን ኢትዮጵያን ብመንግስቲ ኢትዮጵያ። |
| 15/1869 | -ቀሺ ጁሰፐ ሳፔቶ ካብ ክልተ ኣሕዋት መራሕቲ ናይ ቀቢላ ዓዲ ሸኻት ሱልጣን ሓሰንን ሱልጣን ኢብራሂምን መሬት ኣብ ዓሰብ ይገዝእ። |
| 20/1978 | -ኩናት ዓዲ ያዕቆብ (ኣንጻር ሰራዊት ደርግ)። |
| 20/1989 | -ዝርርብ ናይሮቢ፣ ኣብ መንጎ ህ.ግ.ን ደርግን (20-29 ሕዳር)። |
| 22/1980 | -እማመ ረፈረንደም ህግሓኤ። |
| 22/1986 | -ሰራዊት ተ.ሓ.ኤ.ማ.መ. ናብ ህዝባዊ ሰራዊት ይጽንበር። |
| 24/1887 | -ምጅማር ስራሕ ናይ መጀመርያ መንገዲ ባቡር ኤርትራ። |
| 24/1946 | -ኣኼባ (ዋዕላ) ቤትጊዮርጊስ፣ ብዛዕባ ዘይምስምማዕ ኣባላት ሰልፊ 'ማሕበር ፍቕሪ ሃገርን'። |
| 25/1977 | -ኣኼባ በርሊን፣ ኣብ መንጎ ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን ደርግን(25-29)። |
| 25/1979 | -ምምስራት ሃ.ማ.ደ.ኤ.። |

# ታሕሳስ

| | |
|---|---|
| 1/1946 | -ምምስራት ሰልፊ 'ራቢጣ ኣል ኢስላምያ' ኣብ ከረን። |
| 1/1970 | -140 ንጹሃት ኤርትራውያን ዝሞትሉ ህልቂት በሲግዲራ። |
| 2/1885 | -ግብጻውያን ባጽዕ ንጥልያን ይገድፉላ። |
| 2/1950 | -ውሳኔ ፌደረሽን ኤርትራ ብዓንቀጽ 390 ቁ.5 ናይ ሕቡራት ሃገራት። |
| 2/1970 | -750 ንጹሃት ኤርትራውያን ዝሞትሉ ህልቂት ዑና። |
| 2/1979 | -ምጅማር ቀዳማይ ጸረ-መጥቃዕቲ ህ.ሰ. ኣብ ግንባር ናቕፋ። |
| 6/1911 | -መንገዲ ባቡር ኣስመራ ይበጽሕ። |
| 12/2000 | -ኣጠቓለሊ ስምምዕ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን። |

| | |
|---|---|
| 14/1894 | -ደግያት ባህታ ሓጎስ ዝመርሖ ምልዕዓል ኣንጻር ጥልያን። |
| 16/1970 | -ኣዋጅ ናይ እዋን ሓደጋ ብስርዓት ሃይለስላሴ። |
| 17/1999 | -ውሳኔ ንግጭት ኤርትራን የመንን ኣብ ጉዳይ ደሴታት ዙቑር-ሓኒሽ። |
| 18/1894 | -ሞት ደግያት ባህታ ሓጎስ። |
| 21/1971 | -ምቛም ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ (ዑበሊን)። |
| 24/1958 | -ምውራድ ባንዴራ ኤርትራ። |
| 31/1950 | -ጉባኤ ሰላም፣ ምቕባል ውሳኔ ሕቡራት ሃገራት ብኹለን ሰልፍታት ኤርትራ ኣብ ሲነማ ኢምፐሮ። |
| 31/1976 | -ህልቂት ሕርጊጎ 63 ሰባት ዝሞትሉ ካልኣይ(2ይ)። |
| 31/1989 | -ምልቓቕ 10,000 ኢትዮጵያውያን ምሩኻት ኲናት ብህ.ግ.። |